ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ الجبهة الديمقراطية الشعبية الإريترية

**ERITREAN PEOPLES DEMOCRATIC FRONT**
**Netherland Branch**

# ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሰ ዝመርሖ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ብጽቡቕ ተዛዚሙ።

ብዕለት 19-08-06 ኣብ ከተማ ሮተርዳም-ሆላንድ ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሰ ኣቦ-ወንበር ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ዝመርሖ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ተኻይዱ።

ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሰ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ዓሚቝ መግለጺ ሂቡ። ስርዓት ህግድፍ ብሰንኪ ዝኽተሎ ግጉይ ኣዕናዊ መርሆ፡ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ፖለትካውን ኤኮኖምያውን ማሕበራውን ቅልውላው ኣትያ ከም ዘላ ሐቢሩ። ዘረቡኡ ብምቕጻል ካብ ዝኾነ ግዜ ብዝኸፍኤ ናይ ጸጥታ ምፍራስ ጎሊሁ ዝረኣየሉን ህዝብና ድማ ዝኾነ ዓይነት ኣገልግሎት ክርክብ ኣብ ዘይክእለሉን ደረጃ በጺሑ ይርከብ ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ሃገርና ናይ ኣህዛባ ዓባይ ቤት-ማእሰርቲ ኣብ ዝተቐየረትሉ እዋን`ዩ ዘሎናዮ ግዜ ኢሉ። ሎሚ ስርዓት ህግድፍ ጸላኢ ኣህዛብ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ጠቕሊሉ ካብ ዞባና ኣብ ዝተነጸለሉ ሰዓት እዩ ዝርከብ ዘሎ ኣናበለ ኣረጋጊጹ።

ስርዓት ህግድፍ ኣብ ስልጣን ክቕጽል ዝገብሮ ዘሎ ኩነት፡ ናቱ ብቕዓትን ካብ ኣህዛብና ብዝረኸቦ ደገፍን ዘይኮነስ፡ ድኽመት ናይ ደንበ ተቓውሞ ተበሊጹ ዝሓልፎ ዘሎ ግዜ እዩ ኢሉ። ብውጽኢቱ ድማ ኣህዛብ ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዘሎ ወጽዓ ምጽዋር ስኢኖም ብጃምላ ንስደት የምርሑ ኣለው።

ኣብዚ እዋንዚ እንነብረላ ዘሎና ዓለም፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ናታ ፍሉይነት ዘለዋ ብድሌት ናይ ሓደ ርእሰ-ሐያል እትመሓደር ንቃልሲ ዘየተባብዕ ኩነታት ዘለዋ ትኹን ደኣምበር፡ ደንበ ተቓውሞ ነቲ ብኣሸሓት ንስደት ዝውሕዙ ዘሎ መንእሰይ ተቀቢሉ ናብ ቃላሲ ከም ዝሳተፍ ምግባር ዘይምኽኣሉ፡ ዓቢይ ድኽመት እዩ ኢሉ።

ህልው ኩነታት ዞባና ኣመልኪቱ ደማ ኣብ ከባቢና ዘሎ ወጥሪ ዓለማዊ ዳይመንሽን ዘለዎን ናብ ሓድሕዱ ዝተሐላለኸን እዩ ብምባል ኣዚ ምዕብልናታት`ዚ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ኤርትራ ብኣሉታ ይኹን ብኣውንታ ዝርኤ ዓቢይ ጽልዋ አለዎ ኢሉ።

ኣብ ልዕሊ ኣሕዋት ህዝቢ ሶማልያ ወሪዱ ዘሎ ኣሰካፊ ናይ ወጥሪ ኩነታትን ተራ መንግስቲ ኤርትራን ኣመልኪቱ ዝሃቦ መደረ ድማ ። ንሕና ኤርትራውያን ንህዝቢ ሶማል ኣጓኒፍዎም ዘሎ ጸገም ንምፍታሕ ክንሕግዞም

ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ الجبهة الديمقراطية الشعبية الإريترية

**ERITREAN PEOPLES DEMOCRATIC FRONT**
**Netherland Branch**

**ጉቡእና እዩ ድሕሪ ምባል፣ ብዝያዳ ድማ ኣብ ግዜ ዝተናውሔ ዕጥቃዊ ቃልስና ነቅ ዘይበለ መርገጽ ህዝብን መንግስትን ሶማል ብዘይምርሳዕ ኣብ ግዜ ሽግሮም ክንተሐጋገዞም ንሕተት። መንግስቲ ኤርትራ ወሲድዎ ዘሎ ኣገባብ ግን ነዚ ኣብ ግምት ዘየእተወን ሓላፍነታዊ መገዲ ዘይኮነስ ካብ ናይ ግሉ ግዝያዊ ረብሓ ዘቐደመ ሰንኮፍ ስነ-መጎት ዝብገስ እዩ ድሕሪ ምባሉ፣ ንህዝቢ ሶማል መን የመሓድሮ ብዝምልከት ካብ ህዝቢ ሶማል ንላዕሊ ረብሕኡ ዝፈልጠሉ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ የለን ኢሉ።**

**ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ተሞክሮኡ ኣብ ምርድዳእን ምክብባርን ዝተመስረተ ብቐጻሊ ኣብ ዝሓሸ መድረኽ ዘሰጋግሮ ጥጡሕ ናይ ቃልሲ ባይታ ይርከብ ክብል ገሊጹ። አዚ ንኹሉ ዝንባሌታትን ኣረኣእያን ኣብ ግምት ዘእተወን፣ ኣብ ተሞክሮና ንዝሰፍሕ ሃገራዊ ግንባር ንመጀመርያ ግዜ ክስርሓሉ ዕድል ዝኸፈተን ታሪኻዊ ተሞክሮ እዩ ክብል ኣስሚሩሉ ሐሊፉ።**

**ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሴ መደርኡ ብምቕጻል ኩልና ተቓለስቲ ሓይልታት ነዚ ናይ ምጽውዋርን ምርድዳእን መድረኽ ተጠቒምና እሱራት ናይ ሕሉፍ ተሞክሮና ካብ ምኳን ክንጥንቀቕን ኣብ ቅድማና ዘሎ ዓቢይ ሓላፍነት ዝሓትት ውሳኔታት ብምውሳድ ንአህዛብና ኣብ ዝሓሸ ብሩህ ተስፋ ዝህብ ደምክራስያዊ መድረኽ ክነሰጋግር ንጥለብ ኢሉ። ከምኡውን ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበሉ ሕቶታት ሓላፍነታውን ስነ-ፈልጠታውን መልሲ ሂቡ።**

**ኣብ መደምደምታ ድማ ንኹሎም ዕዱማት ጽን ኢሎም ዝሰምዩዎ ኣመስጊኑ። ኣርባዕተ ሰዓት ዝወሰደ ዕዉት ኣኼባ ብምክያድ፣ መደረኡ ብዝኸሪ ሰዉኣት ተዛዚሙ።**

**ናይ ዜና ቤት-ጽሕፈት**
**ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ**
**ጨንፈር ሆላንድ**
26.08.2006